Funded by
The European Union

Lead agency

In Partnership with

# ፕሮጀክት ህንፀት ዓቅሚ ውሽጢ ዓዲን ከባቢ በቆልን ሲቪል ማሕበራት (CSOs)፣ ከም ተዋሳእቲ ሰናይ ምምሕዳርን ልምዓትን ዓቕሞም፣ ናፅነቶምን ተኣማንነቶምን ምሕያል

## ልጋብ III

## መምርሒ መዳለዊ ምግላፅ ድሌት (Expressions of Interest - EOI)

ሚያዝያ 2026

ኣዲስ ኣበባ፣ ኢትዮጵያ

**መምርሒታት (INSTRUCTIONS)**

እዚ መምርሒ፣ ናይ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ንምርካብ ናይ ድሌት መግለጺ (EoI) ንምድላው ቀንዲ መወከሲ ኮይኑ የገልግል። ነፍሲ ወከፍ መመልከቲ ትካል፣ ናይዚ መምርሒ ኩሉ ክፍሊታት ብቐልቢ ብምንባብ ነቶም ዝተቐመጡ ረቋሒታት ዘማልእ ሙዃኑ ከረጋግፅ ትፅቢት ይግበረሉ።

***መስርሕ መመልከቲ***

1. *መመልከታይ፦ ዝተመልአ ናይ ድሌት መግለጺ ቅጥዒ (ልጋብ II – EoI Application Form) ጥራይ ምስቶም ኣብቲ መምርሒ (Application Checklist of ANNEX II) ተጠቒሶም ዘለዉ ሕጋዊ ሰነዳት ኣተሓሒዙ ክእቱ ኣለዎ።*
2. *ናይ ብቑዕነት መመዘኒ (Eligibility check)፦ ነፍሲ ወከፍ መመልከቲ ትካል ናብ ዝቕፅል ብርኪ ንምሕላፍ ዘኽእሉ ኣገደድቲ ረቋሒታት ዘማልእ ወይ ዘየማልእ ምዃኑ ንምፅራይ ናይ ብቑዓ መመዘኒ ክግበረሉ እዩ።*
3. *ናብ ሙሉእ ፕሮፖዛል ምሽግጋር፦ ኣብ መወዳእታ፣ ኣብ ነፍሲ ወከፎም ዘለው መምርሒታት ኣብ ዝዳሎ ናይ ንድፊ ሓሳብ Proposal development ስልጠና ንዝተሳተፉ ናይ ሲቪል ማሕበራት (CSOs)፣ ተወዳዲሮም ምሉእ ፕሮፖዛል ንከእትዉ ናይ ውድድር መፀዋዕታ ክግበረሎም እዩ።*

ነዚ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ንምምልካት፣ መመልከትቲ ትካላት ነዚ መምርሒ ብዕምቀት ብምንባብ ነቶም ክማልኡ ዝግበኦም ጠለባትን ናይ መመልከቲ መስርሕን ክርድኡ፣ ምስቶም ኣብዚ መምርሒ ተዘርዚሮም ዘለዉ ኣገደድቲ ረቋሒታት ከወዳድሩ፣ ንልጋብ II (Annex II – EoI Application Form) ብጥንቃቐ ብምምላእ ትክክለኛን ምሉእን ሓበሬታ ከቕርቡ፣ ከምኡ እውን ነቲ ኣብቲ መመልከቲ ቅጥዒ ዘሎ ናይ መግለፂ ፎርም (Declaration) ብምፍራም ነቶም ውዕላትን ግዴታታትን ከምዝተረድእዎምን ንዕዖም ከምዝግዝእን ብፊርሞኦም ከረጋግፁ ኣለዎም።

**ብተወሳኺ እውን፦**

- ኣመልከትቲ በቲ ዝተዋሃበ ገደብ ጊዜ ኩሎም ክማልኡ ዝግበኦም ረቋሒታት ኣማሊእኩም ኣብ እዋኑ ከተመልክቱ ይግባእ።
- ትክክለኛ ዘይኮኑ ወይ ዘይተማልኡ መመልከቲታት፣ ካብቲ ናይ ውድድር መስርሕ ብቀጥታ ውድቂ ክገብሩ እዮም።
- ንዝኾነ ይኹን ሕቶ ወይ መብርሂታት ነቶም ዝተመደቡ ናይቲ ፕሮግራም ተወከልቲ ምዝርራብ ይካኣል እዩ

## 1. ድሕረ ባይታ ሓበሬታ ብዛዕባ እዚ ፕሮጀክት (Background Information about the Project)

እዚ ሲቪል ሶሳይቲ ፈንድ ፕላስ (The Civil Society Fund Plus (CSF +) Programme) ተባሂሉ ዝፅዋዕ ፕሮጀክት ፣ ብፋይናንሳዊ ሐገዝ ኤሮጳ ሕብረት (EU) ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ትሕቲ (Multiannual Action Plan - MAAP 2021-2024) ዘሎ ናይ ሲቪል ማሕበራት (CSOs) ቴማቲክ መደብ መሰረት ብምግባር ዝትግበር መደብ እዩ። ኣብ ትሕቲ እዚ ፍሉይ መደብ ክርስቲያን ኤይድ (Christian Aid) ፕሮጀክት ህንፀት ዓቅሚ ናይ ውሽጢ ዓዲ ን ከባቢያዊ ሲቪክ ማሕበራት (CSOs) ከም ተዋሳእቲ ሰናይ ምምሕዳርን ልምዓትን ዓቕሞም፣ ናፅነቶምን ተኣማንነቶምን ንምሕያል ተባሂሉ ዝፅዋዕ ርእሲ ዘለዎ ናይ ሲቪል ማሕበራት መጠናከሪ ፕሮግራም ንምትግባር ካብ ሕብረት ኤውሮጳ ውዕል ተዋሂብዎ ኣሎ።

እዚ መደብ፣ ካብ ለካቲት 2025 ክሳብ ጥሪ 2029 ዝፀንሕ፣ ብሕብረት ኤውሮጳ ዝተመደበ በጀት ዝሕገዝ ናይ 4 ዓመት ፕሮግራም እዩ። ዕላማኡ ድማ ኣብ ከተማ ምምሕዳር ኣዲስ ኣበባን ክልላት ማእኸላይ ኢትዮጵያ፣ ደቡብ ኢትዮጵያ፣ ከምኡ እውን ኣብ ትግራይ ዝርከቡ ከባቢ በቆል ሲቪል ማሕበራት

ተኣማንነቶም ዝተረጋገፀ ናይ ሰናይ ምምሕዳርን ልምዓትን ተዋሳእቲ ኮይኖም ብውፅኢታዊ መገዲ ንክነጥፉ ዓቕሞምን ናይ ምንቅስቃስ ባይታኦምን ንምጥጣሕ እዩ። ክርስቲያን ኤይድ ናዚ ፕሮግራም እዚ መሪሕ ኮይኑ ምስ ሲቪል ሶሳይቲ ሪሶርስ ሴንተር (CSRC)፣ ጩራ አቡጊዳ ኪነጥበባዊ ማሕበር (CAAA)፣ ከምኡ እውን ምስ ኢትዮጵያን ሲቪል ሶሳይቲ ኦርጋናይዜሽንስ ፎረም (ECSF) ብሓባር ከም ተረባሕቲ (co-beneficiaries) ብምዃን ብሓባር ዘተግብሮ እዩ።

እዚ ተግባር እዚ፣ እቶም ከባቢ በቆል ሲቪል ማሕበራትን ጥምረታቶምን (networks)፣ ካብ ታሕተዎት ናይ ምምሕዳር ብርኪ ጀሚሮም ክሳብ ክልላዊን ሃገራዊን ብርክታት ኣብ ዘለዉ ኣብ ሓቀኛ መርትዖ ዝተመስረቱ ጥብቅናን ዘተታት ፖሊሲታትን policy dialogue and advocacy ንክሳተፉ ንምኽኣል፣ ብናይ ሳልሳይ ወገን ፋይናንስ ሓገዝን (third-party financing) ከምኡ እውን ንዓዓቶም ብዝምጥን ናይ ዓቕሚ ምህናፅ ስልጠናታትን ኣቢሉ ዓቕሞም ንምጥንካር ይሰርሕ። እዚ ሓገዝ እዚ ቀንዲ ዕላምኡ ነቶም ኣዝዮም ንኣሽቱ፣ በቢ ከባቢኡ ኣብ ምዕንባብ ዝርከቡ ኣብ ታሕተዋይ ፀፍሒ ማሕበረሰብ ዘለዉ ሲቪል ማሕበራትን፣ ከምኡ እውን ኣብ በቢ ከባቢኡ በቢ ብርኩን ዝንቀሳቐሱ፣ ኣብ ኣፀጋሚ ኩነታት ንዝርከቡ ክፋል ማሕበረሰብ ዝሰርሑ፣ ብቑጠባውን ማሕበራውን ረብሓታት ንዝተገለሉ ማሕበረሰባት ዝሰርሑን ከምኡውን ኣብ ክልል፣ ዞባን ወረዳን ብርኪ ኣብ ዘለዉ ናይ ሰናይ ምምሕዳር፣ ዲሞክራሲ፣ ህንጻት ሰላምን ሰብኣዊ መሰላትን ጉዳያት ዝነጥፉ ጥምረታት እዩ። እዞም ብካልኦት ወገናት ትኹረትን ሓገዝን ዘይተገበረሎም ሲቪል ማሕበራት እዚኦም ምስ ዝተፈላለዩ ናይ ምምሕዳር እርከናት ብምትእስሳር ኣብ ኢትዮጵያ ንጡፍ ናይ ሲቪክ ምቹዊ ባይታን ምፍጣር ክሕግዙ እዮም።

## 2. ኣገባብን መስርሕን *ፋይናናንሳዊ ሓገዝ ንምሃብ Sub Granting Approach and Process*

እዚ ካልኣይ ዙር ፃውዒት መግለጺ ድሌት (Expression of Interest)፣ ብሓፈሻ ካብ 12 ክሳብ 18 ኣዋርሕ ዝፍፀሕ ናይ ዓቕሚ ምዕባይን ፋይናንሳዊ ደገፍን ዝግበረሎም 20 ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ (CSOs) ንምምራፅ ዝዓለመ እዩ። ካብ ሕድሕድ ክልል 5 ሓሙሽተ ማሕበራት ክምረፃ እየን። መመዘኒ ረቋሒታት መስርሕ መምረፂ ተጠቀምቲ እዚ ግልጋሎት (Sub-grantees)፣ ኣብ ክፍሊ 7 እዚ መምርሒ ተጠቒሱ ኣሎ።

ነዚ መስርሕ ብምጥቃም 40 መመልከቲ ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ (10 ካብ ትግራይ፣ 10 ካብ ደቡብ ኢትዮጵያ፣ 10 ካብ ማእከላዊ ኢትዮጵያን 10 ካብ ኣዲስ ኣበባን) ክምረፃ እየን። እዞም ዝተመረፁ 40 ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ኣብ ስልጠና ምድላው ፕሮፖዛል ክሳተፉን፣ ቀፂሎም ንምሉእ ፕሮፖዛል ናይ ምድላው መድረኽ ክሰጋገሩን እዮም። እዞም ማሕበራት በብክልሎም ብዘቅርብወዎ ፕሮፖዛል ክወዳደሩ እዮም፤ ክርስትያን ኤይድ (Christian Aid) ከምኡ እውን ኣብቲ በቢ ክልሉ ዝርከቡ መዳርግቲ ኣካላትናን ብዘካይድዎ ናይ ስግኣት ብርኪ ምርመራ (Capacity Risk Assessment - POCRA) ብኣዕጋቢ ነጥቢ ምስ ሓለፉ፣ ናይ መወዳእታ 20 ማሕበራት (ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልል 5 ሓሙሽተ) ተዓወቲ (ግራንት) ክምረፁ እዮም።

## 3. ዕላማታት እዚ መደብ (Objectives of the Programme)

**ሓፈሻዊ ዕላማ:** ሓፈሻዊ ዕላማ እዚ መደብ ኣብ ክልላት ማእከላዊ ኢትዮጵያ፣ ደቡብ ኢትዮጵያ፣ ትግራይ ከምኡ እውን ኣብ ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባን ዝርከቡ ከባብያውን መቦቆላውያንን ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ (CSOs)፣ ከም እሙናት ተዋሳእቲ ሰናይ ምምሕዳርን ልምዓትን ብውፅኢታውነት ንምስታፍ ዘኽእሎም ዓቕምን ባይታን ክህልዎም ምግባር እዩ።

**ፍሉያት ዕላማታት:**

**ፍሉይ ዕላማ 1፦** ከባቢ መቦቆልን ኣብ ታሕቲ ዝሰሓን ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ (ብፍላይ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ፣ መንእሰያት ከምኡ ውን ጉዱኣት ኣካል ዘተኮሩ)፣ ካብዚ ፕሮጀክት ብዝርክብኦ ፋይናንሳዊ ሓገዝ (Sub-granting) ን ህንፀት ዓቕሚን ስራሕተን ከሐይላ፣ ኣብ ከባቢያዊ፣ ክልላዊን ሃገራውን ደረጃታት ዘተታት ፖሊሲ፣ ጥብቅናን (Advocacy) ከምኡ እውን መደባት ልምዓት ንክከታተሉ ዘኽእሎም ዓቕሚ ክረኽቡ ምግባር።

**ፍሉይ ዕላማ 2፦** ከባቢ መቦቆልን ኣብ ታሕቲ ዝሰሑን ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብን ጥምረታቶምን (ብፍላይ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ፣ መንእሰያት ከምኡውን ጉዱኣት ኣካል ዘተኮሩ)፣ ብጥምረት ናይ ምስራሕን ተሓባቢርካ ናይ ምስራሕን ዓሞምን ብምጥንካር ተሞኩሮ ክለዋወጡ ኣፈፃፅማ ስርሖም ከማዕብሉን ኣብ ናይ መንግስቲ ልምዓታዊ ስራሕቲ ናይ ምግምጋም ዓቅሞም ብምጥንካር ምቹው ባይታ ሲቪል ማሕበረሰብ (Civic Space) ክህሊ ዓቕሚ ከዕብዩ ምግባር።

እዞም ዕላማታት ንምዕዋት፣ ብቐጥታ ን60 ከባብያውን ከባቢ መቦቆልን ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብን ጥምረቶምን፣ ብሓባር ብምውህሃድ ናይ ፋይናንስ ሓገዝ ግራንትን ናይ ህንፀት ዓቕሚ ስራሕትን ክድግፍ እዩ። እዚ ድማ ነተን ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ምስ ዕላማታት እቲ መደብ ዝሰማማዕ፣ ብዓርሰ ተበግሶ ዝምራሕ ተበግሶታት ልምዓት ንኽመርሓ የኽእለን።
ኣብ ምሉእ ዕድሜ ናይቲ ፕሮጀክት ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ዓመት ዝግበር መደባት ከምዚ ዝስዕብ እዩ፦
€2,200,000 ብሰለስተ መስኮታት (ዙርያ) ፃዊዒት ኣቢሉ ብቐጥታ ንማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ክምደብ እዩ። €350,000 ንስራሕቲ ህንፀት ዓቅሚ ክውዕል እዩ። €90,000 ድማ ንጥምረታት ምትሕብባር፣ ምትሕግጋዝን ናይ ስራሕ ባይታ ምምችቻውን ክውዕል እዩ።

### 4. ቀዳምነታት ዝዋሃቦም ዓውደ ስራሕቲ (Thematic Priorities)

ፕሮጀክት EU CSF+ ኣብዚ ፃውዒት ምቕራብ መግላፅ ድሌት (Expression of Interest - EoI) ኣመልኪቱ ዝስዕቡ ፍሉያት ኣርእስቲታት ቀዳምነት ዝወሃቦም ዓውደ ስራዲታት ኣውፂኡ ኣሎ። ነፍሲ ወከፍ ኣመልካቲ ማሕበር ሲቪል ማሕበረሰብ (CSO) ምስ ናይ ትካሉ ስትራተጂያዊ ተልእኾታቱን ጠጠው ዝበለሉ ዕላማን ዝቀራረቡ ንጥፈታት ምስዞም ቀዳምነት ዝተዋሃቦም ዝሰማማዕ ምዃኑ ኣረጋጊፁ፤ ሓደ መመልከቲ ኣብ ሓደ ርእሰ ጉዳይ ጥራይ ከቕርብ ይግባእ። ዝለዓለ መጠን ዝወሃብ ፋይናንስ Sub-grant ኣብ ክፍል 7.1 ናይዚ ሰነድ ካብ ዝተጠቕሰ በጀት ክበልፅ የብሉን።

ድሕሪ ምቕራብ እቲ መግለጺ ድሌት (EoI)፣ እቶም ረቛሒታት ዘማልኡ ተወዳደርቲ ብጥብቂ መስርሕ ምምራፅ ክሓልፉ እዮም። ድሕሪኡ፣ ዝተመረፁ ኣመልከትቲ ሰለስተ መዓልቲ ዝፀንሕ ስልጠና ምድላው ፕሮጀክት ክሳተፉ ክዕደሙ እዮም። ቀፂሉ ድማ ኣብቲ ዝመረፅዎ ዓውዲ ርእሰጉዳይ ንውድድር ፕሮጀክት ፕሮፖዛል ከቕርቡ ኣለዎም።

4.1. ቀንዲ ቀዳምነታት ዝዋሃቦም ዓውዲታት (Key thematic priorities for the EU CSF Plus intervention are)

**4.1.1. ንማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብን ምቹው ባይታ Enabling Environment for CSOs and Civic Space Protection ኣብ ትሕቲ እዚ ዓውዲ ክካየዱ ዝኽእሉ ንጥፈታት፦**

- ዘተ ምምችቻው፡ ኣብ መንጎ ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብን መንግስታዊ ኣካላትን ብዛዕባ ኣመሓዳሪ ሕግታትን ቁፅፅርን ጉዳያትን ዘተታት ምምችቻው።
- ህንፀት ዓቕሚ ምሕያል፣ ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ኣብ ዙርያ ስትራተጂታት ጥብቅና ን፣ ሓባራዊ ምክርኻርን ክእለት ውፅኢታዊ ርክብንን ዘለዎን ዓቕሚ ምጥንካር ።
- ጥምረትታት ተበግሶታት ምትሕብባርን ምጥንኻር፡ ብብርኪ ፖሊስን ጥብቅና (advocacy) ምክያድ፣ ምርምራትን መፅናዕቲታትን ምክያድ ከምኡውን ምቹውነት ምህዳር ንንማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብን (Civic Space) ምርምር ምክያድ።
- ንማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ መሰሎም ንምውሓስን ሕጋዊ ለውጥታት ክግበር ምጥባቅን ምክርኻርን።
- ዘተ ማሕበረሰብ፡ ኣብ ዛዕባ ሲቪላዊ ጉዳያት ዘተ ንምክያድን ማሕበረሰባዊ ተሳትፎ ንምዕባይን ከባብያዊ መድረኻት ምትብባዕ።

**4.1.2. ምሕደራን ማሕበራዊ ሓቛፋይነትን (Governance and Social Inclusion)**

ኣብዚ ክሊ ዝግበሩ ንጥፈታት፦

- ኣብ መንጎ ማሕበረሰብን ኣመሓደርቲ መንግስትን ዘሎ ዘተ ንምምዕባል ዝሕግዙ መድረኻት ብምፍጣር ተሳትፎ ዜጋታት ምሕያል፣
- ከባብያዊ ግልጋሎታትን ፕሮጀክታት መሰረተ-ልምዓትን ብውፅኢታዊ መንገዲ ንምክትታል ዝሕግዙ ሜላታት ክትትል ማሕበረሰብ ምድጋፍ፣
- ናይ መንግስታዊ በጀት ኣብ መዓልኡ ንናይ ህዝቢ ጥቅሚ ምውውዓሉ ንምቁፅፃር ዘክእል ዓቅሚ ምህናፅን ግልጽነትን ተሓታትነትን ምዕባይ፣
- ድምፂ ግፉዓን ዝሰምዕ ን ንናይ ማሕበረብ ድምፂ ዝሰምዕ መስርሕ ኣፈፃፅማ ፖሊሲ ክህሉ ምትብባዕ።

**4.1.3. ድምፅን ውክልና መንእሰያት ምጉልባትን**

- መንእሰያት ምስ ፈፀምቲ ፖሊሲ ንኽዝትዩ መድረኻት ምፍጣር፣
- ኣብ ጉዳያት ምህዞ ስራሕን መዘናጋዕን ዝዓለሙ ብመንእሰያት ዝምርሑ ወፈራታት ምክርኻር ምድጋፍ፣
- ብመንገዲ መደበት ምኽሪ (mentorship) መሪሕነት መንእሰያት ምትብባዕ፣
- ምሉእነት ዘለዎ ውፅኢት ንምርካብ፣ መደባት መነባብሮ ምምሕያሽ፣ ስነልቦናዊ ሕውየት፣ ዘይሕጋዊ ስደት ፣ ከምኡውን ናይ ሰላም ተበግሰታት ምትእስሳር፣
- ማሕበራት መንእሰያት ኣብ ከባብያዊ ምምሕዳርን መስርሕ ትልሚ መንግስቲን ንኽሳተፉ ዓቕሞም ምሕያል፣
- ኣብ ከባብያዊ ሰላም መስርሕን ሲቪላዊ ተሳትፎን ብመንእሰያት ዝምርሑ ተበግሶታት ምትብባዕ።

**4.1.4. ኣተኣላልያ ጎንፂ፣ ህንፀት ሰላም፣ ማሕበራዊ ምትእስሳርን ምክልኻል ዘይሕጋዊ ስደትን**

- ከባብያዊ መሓውራት ሰላም ምሕያልን ምጥንኻርን።
- ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ማሕበረሰብ ብደረጃ ከባቢ ናይ ሰላም ዘተታት ምውዳብ።
- ብከባብያዊ መሓውራት ኣቢሉ ተበግሶታት ምክልኻል ጎንፂ ምትግባር፣
- ታሪኻዊ ቅሬታታትን በደላትን ንምፍታሕ ኣብ መንጎ ብሄራትን ስግረ-ዶባትን ማሕበረሰባዊ መድረኻት ምምችቻው።
- መበቆላዊ ባህላዊ መሓውራት ሰላም (ባይቶ ሽማግለታት) ወይ ወግዓዊ ኮሚቴታት ሰላም ብምምሕዳር፣ ኣብ ዘመናዊ ሜላታት ሽምግልና ስልጠና ምሃብ።
- ብመንገዲ ከባቢ በቆል መሓውራትን ተበግሶታት ምክልኻል ጎንፂ ምትግባር።

- ንሰፊሕ ናይ ልምዓት ፃዕርታት ርጉእ ሃዋህው ንምፍጣር፣ ወፈራታት ህንጸት ሰላምን መደባት ንቕሓትን ምክያድ።
- ዓበይቲ ዓድን መራሕቲ መንእሰያትን ኣብ ህንፀት ሰላም ሜላታት ኣፈታትሓ ጎንፂ ከም ዝሰልጥኑ ምግባር።
- **ስነልቦናዊ ሕውየት** Trauma-informed approaches ብመንገዲ ማሕበረሰብ፣ ባህላዊ መዋቕራትን ኣቢሉ ስነ-ኣእምሮኣዊ ማሕበራዊ ደገፍ ምሃብ።
- ንመንእሰያትን ኣባላት ማሕበረሰብን ዒላማ ዝገበረ ሰፊሕ ጎስጓሳት ብምክያድ፣ ማንዛ-ን-ማንዛ (Peer-to-peer) ኣገባባትን ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝተመርኮሰ መደባትን ብምጥቃም ሓደጋታትን ሳዕቤናትን ዘይሕጋዊ ስደት ምጉላሕ።
- መሰጋገርትን ነቶም ዘይሕጋዊ መስመራት ስደት ዘመቻቹኡን ተሓታትነት ንምርግጋፅ ስራሕቲ ምክያድ።
- ንኣረጋውያንን መንእሰያትን ኣብ ዘተን ምትእትታዋትን ብምውፋር፣ ከም "ጥምረት ክንክን ማሕበረሰብ" (CCC) ዝኣመሰሉ ከባብያዊ መዋቕራት ንምሕያልን ንኣንፈታት ስደት ምላሽ ንምሃብን ምፅዓር።

#### 4.1.5. መሰልን መሪሕነትን ደቂ ኣንስትዮ ምዕባይ

- ን ግዳያት ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ (GBV) ግልጋሎታት (ምኽሪ፣ ሕጋዊ ደገፍ) ምድጋፍ፣
- ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ንዝካየድ ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ ንምቅላስ ዝግበር ወፈራታት ምድላው፣
- ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ከባብያዊ ምምሕዳር ንኽሳተፉ ዝሕግዝ ስልጠና መሪሕነትን ጥብቅናን ምሃብ፣
- ንደቂ ኣንስትዮ ገጠር ስልጠና መሪሕነትን ምጥባቅን ምሃብ፣
- ንጉዳዳእቲ ልምድታት ንምቅላስ ዝግበር ወፈራታት፣
- ንግዳያት ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ ደገፍ ምሃብ፣
- ደቂ ኣንስትዮ ኣናእሽተይ ስራሕ ንኽጅምሩ፣ ማሕበራት ርእሰ-ምትሕግጋዝ ንኽመስርታ፣ ኣብ ጉዳያት ጐዳኢ ልምድታትን ፆታዊ ዓመፅን ንኽዝትያ ዝሕግዝ ፋይናንሳዊ ደገፍን ስልጠናን ምሃብ።

#### 4.1.6. ማሕበራዊ ተሓታትነት ንመሰረታዊ ግልጋሎታት

- ዜጋታት ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ጥዕና ኬላታት ወይ ግልጋሎት ማይ ብሜላታት (community scorecards) ብምትግባር፣ እቲ ዝተረኸበ መረዳእታ ከኣ ምስ መራሕቲ መንግስቲ ንምዝታይ ምጥቃም፣
- ንከባብያዊ ግልጋሎታት ንምክትታል ጥራይ ዘይኮነስ፣ ምስ ብደረጃ ወረዳ ኣወሃህባ ግልጋሎት ወሃብቲ ንምድራድር ዝሕግዙ ኮሚቴታት ኣጠቓቕማ ማይ ወይ ኮሚቴታት ምምሕዳር ክሊኒክ ምምስራትን ምስልጣንን።

### 5. ኣብ ኩሉ ዝኣትዉ (ክሮስካቲንግ) ቀዳምነታት (Cross-cutting Priorities)

እዚ ናይ ድሌትመግለፅ ፃውዒት (EoI)፣ ከም ፆታዊ ማዕርነት፣ ማሕበራዊ ምትእትታውን ሓቛፋይነትን GESI፣ ንተኣናፈነት ጎንፂን ዘለዎ ኣሰራርሓ (conflict sensitivity)፣ ናይ ማሕበረሰብ ዋንነት ብዘረጋግፅ መንገዲ ቀፃልነትን፣ ጥምረት ምትሕብባርን፣ ምዕባይ ኣተሓላልዋ ሰብኣዊ መሰላት፣ ዲሞክራስያዊ መትከላት፣ ኣሰራርሓ ሰናይ ምምሕዳር፣ መሰል ህፃናት፣ ከምኡውን መሰል እቶም ተገፋዕቲ ክፍሊ ማሕበረሰብ (ደቂ ኣንስትዮ፣ መንእሰያትን ኣካለጉድኣትን ዘጠቓለለ) ዝኣመሰሉ ተዘዋዋሪ ጉዳያት ብውጽኢታውነት ዘዋህህዱ ፕሮጀክታት ቀዳምነት ክህብ እዩ። እዚ ነጥቢ እዚ ኣብ ምግምጋም መግለፅ ድሌት (EoI) ዝለዓለ ነጥቢ ከምዝወሃቦ ክትፈለጥ ይግባእ።

**6. ናይ ፕሮጀክት ፃውዒት ኣዋጅን ናይ ሓበሬታ መድረኻትን (Project Call Announcements and Information Sessions)**

ክርስትያን ኤይድን (Christian Aid) መዳርግቲ ትካላቱን፣ ንፃውዒት መግለፅ ድሌት (EoI) ብቐንዱ ኣብ ጋዜጣታት "ኢትዮጵያን ሪፖርተር"ን "ኣዲስ ዘመን"ን፣ ከምኡውን ኣብ EBC የላልዩ። ብተወሳኺ ኣብ መርበብ ሓበሬታታት መሻርኽቲ ትካላት ከም ሕብረት ኤውሮጳ (EU)፣ ካውንል ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ኢትዮጵያ (ECSOC)፣ መድረኽ ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ኢትዮጵያ (ECSF)፣ በዓል መዚ ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ (ACSO)፣ ከምኡውን CCRDA ይዝርጋሕ። እዚ ፃውዒት ግልፅነትን ማዕረ ዕድልን ንኹሎም ኣመልከትቲ ንምርግጋፅ፣ ኣብ ስትራተጂያዊ ቦታታት ከም ቤት ፅሕፈት ፋይናንስ፣ ቤት ፅሕፈት ፍትሒ፣ ቢሮ ደቂ ኣንስትዮን ማሕበራዊ ጉዳያትን ከምኡውን ኣብ ማሕበራዊ ሚዲያታቶም ይዝርጋሕ። እዘን መድረኻት ብቛንቋ እንግሊዝኛ፣ ትግርኛ፣ ኣምሓርኛን ከም ኣድላይነቱ ብኻልኦት ተዘመድቲ ቛንቋታትን ክካየዳ እየን። እዚ ፃውዒት መግለጺ ድሌት (EoI) (ካብ 28 ሰነ 2026 ክሳብ 28 ሓምለ 2026) ንሓደ ወርሒ ኣብ አየር ክፀንሕ እዩ።

ብተወሳኺ፣ ብዛዕባ መስርሕ መመልከቲ፣ ረቛሒታት ብቕዓትን ካልኦት ኣገደስቲ ዝርዝራትን ተወሳኪ ሓበሬታ ንምሃብ፣ ኣፕሊኬሽን ከይኣተወ ብኢንተርነት ዝካየድ ሕፅር ዝበለ ናይ መረዳታ መድረኽ (Q&A) ብ Microsoft Teams ክዳሎ እዩ። እዚ ናይ መረዳታን ሕቶ-መልስን መድረኽ፣ ብተኸታታሊ ሊንክ (Link) ኣብ 10 ሓምለ 2026፣ ካብ ሰዓት 8:00 ክሳብ 10:00 ድሕሪ ቀትሪ (14:00 – 16:00 EAT) ክካየድ እዩ።

- **ናብቲ ኣኼባ ንምፅንባር፡-** EU CSF+ EOI Call Drop In and Info Session | Meeting-Join | Microsoft Teams
- **Meeting ID:** 373 742 650 663 708
- **Passcode:** j9ax6E5q

እቲ ፕሮግራም ነቲ ዝተኻየደ መድረኽ ሕቶ-መልስ ኣሕፀር ኣቢሉ ብምቕራብ ከምኡውን ቪዲዮ ናይቲ መድረኽ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ብምልጣፍ፣ እቶም ኣብቲ መድረኽ ክሳተፉ ዘይከኣሉ ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ምስ መመዘኒታትን ረቛሒታት ፃውዒት መመልከቲ ከላልዮም እዩ። ብተወሳኺ፣ ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ መመልከቲ ኣብ ምስራዕ ፀገማት እንተጋጢምዎም፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልል ዝተመደቡ መተሓባበርቲ (ኣድራሻኦም ኣብ ታሕቲ ተገሊፁ ኣሎ) ብስልኪ ሓበሬታ ክህቡ እዮም።

**7. መመዘኒ ረቋሒታትን መምርሒ ኣቀራርባ ፃውዒትን (Criteria and rules for the call [EOI Application)**

**7.1. ብቑዓት ትካላት ናይ ምምራጽ መዐቀኒታት Eligible organizations' selection criteria for the EOI**

| መእተዊ Entity | መግለፂ | መዐቀኒ ረቋሒ | ዓይነት ግራንት Type of Grant |
|---|---|---|---|

| | | | |
|---|---|---|---|
| ንኣሽቱ ከባቢ በቆል ወይ ገመርቲ ማሕበራት Smaller or grassroot or emerging CSOs | **ምድብ ሓደ (Category ONE)**<br>እዚ ምድብ ነቶም ንኡስ ዓቅሚ ዘለዎም ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ (CSOs) ወይ ማሕበረሰብ መሰረት ዝገበሩ ትካላት (CBOs) ዝምልከት እዩ። እዞም ትካላት እዚኦም፦<br>ውሱን ዝኾነ ናይ ስራሕ መሓውር ዘለዎም፣ ኣብ ከባቢያዊ ወይ ሃገራዊ ደረጃ ብሕጊ ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ኣዋጅ ቁጽሪ 1113/2019 መሰረት ብሕጊ ዝተመዝገቡ፣ ዳግማይ ዝተመዝገቡ ወይ ዳግማይ ዝተመዝገቡ ክኾኑ ኣለዎም።<br>ኣብ ታሕቲ ምስቲ ማሕበረሰብ (Grassroot) ዘለዉ ኮይኑ፣ ኣብቲ ዝተሓበረ ክልል ቅድሚ ሕጂ ናይ ፕሮጀክት ትግባረ ተመክሮ ክህልዎም ኣይግደዱን።<br>ኣብ ግዜኡ ዝምዕብል ትልሚን ናይ ስራሕ መደብን (Operational plan) ክህልዎም ይግባእ።<br>ካብ 2 ክሳብ 3 ዝተመዝገቡ ወለንተኛታት ወይ ሰራሕተኛታት ክህልዎም ዘለዎ ኮይኑ፣ ካብዚኦም እቲ ሓደ ናይ ፋይናንስ ወይ ናይ ሒሳብ ሓላፊ ክኸውን ኣለዎ።<br>ስትራተጂያዊ ትልሞም ነቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ቴማዊ ዓውዲታት ዘካተተ ክኸውን ኣለዎ። ብተወሳኺ፣ ትኩረቶም ወይ መሪሕነቶም ኣብ ደቂ ኣንስትዮ፣ መንእሰያት ወይ ጉዱኣት ኣካል ተኮረ ክኸውን ይግባእ።<br>እዞም ትካላት ኣብቲ ክልል ኣለዉዶ የለዉን ንምርግጋፅ፣ ምስቲ ዝምልከቶ ቢሮ ፋይናንስ ናይቲ ክልል ሓበሬታ ክሕተት እዩ። | - ኣብቲ መግለፂ ዝተቀመጡ ረቛሒታት ዘማልኡ ክኾኑ ኣለዎም።<br>- ኩሎም መዐቀኒታት ብቕዓት ረቛሒታት ዘማልኡ ክኾኑ ኣለዎም።<br>- ቅድሚ ሐዚ ናይ ግራንት (ገንዘባዊ ሓገዝ) ናይ ምምሕዳር ተመክሮ ክህልዎም ኣይግደዱን።<br>- ንፋይናንሳዊ ኣመሓድራን ፀብፃብን ክሕግዝ ዝኽእል፣ ብዕሊ ዝተመዘገበ ሓደ ወለንተኛ ናይ ፋይናንስ ወይ ሒሳብ ሰራሕተኛ ክህልዎም ኣለዎ።<br>- ክሳብ ሰለስተ ዙርያ ክፍሊት ንምቕባል፣ ከምኡውን ንነፍሲ ወከፍ ፕሮጀክት ካብ 10,000 ዩሮ (ብብር ተመጣጣኒ ዋጋ ) ዘይበልጽ ግራንት ንምቕባል ድልዋት ክኾኑ ኣለዎም። | ንኡስ ድጋፍ /ማይክሮ Small grant /Micro |
| | **ምድብ ክልተ (Category TWO)**<br>እዚ ምድብ ንኡስ ዓቅሚ ዘለዎም ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ (CSOs) ወይ ማሕበራት ማሕበረሰብ (CBOs) ዝምልከት ኮይኑ፣ መሰረታዊ ረቛሒታቱ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፦<br>ውሱን ዝኾነ ናይ ስራሕ መዋቕር ዘለዎም፣ ኣብ ከባቢያዊ ወይ ሃገራዊ ደረጃ ብሕጊ ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ኣዋጅ ቁጽሪ 1113/2019 | - ኣብቲ መግለጺ ዝተጠቕሱ ረቛሒታት ዘማልኡ ክኾኑ ኣለዎም።<br>- ኩሎም ናይ ብቕዓት ረቛሒታት ዘማልኡ ክኾኑ ኣለዎም።<br>- ኣብ ዝሓለፉ 3 ዓመታት (2023 – 2025)፣ ምስቲ ዝሓተትዎ መጠን በጀት | Small Grant/ Micro |

| | | | |
|---|---|---|---|
| | መሰረት ብሕጊ ዝተመስረቱ፣ ዳግማይ ዝተመዝገቡ ወይ ዳግማይ ዝተመስረቱ ክኾኑ ኣለዎም። <br>ኣብ ዝሓለፉ 3 ዓመታት ኣብቲ ዝተሓበረ ክልል ክሰርሑ ዝፀንሑ፣ ናይ ስራሕ መደብን (Operational plan) ናይ ኣመሓዳድራ ፖሊሲታትን ክህልዎም ይግባእ። ካብ 3 ክሳብ 5 ሰራሕተኛታት ዘለዎም ወይ ምስ ዝተመዝገቡ ወለንተኛታት ዝሰርሑ ክኾኑ ኣለዎም። <br>ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት፣ ካብቲ ዝሓተትዎ መጠን በጀት (ብኢትዮጵያ ብር) ዝማዓረረ ዓመታዊ ኣታዊ ዝነበሮም፣ ከምኡውን ኣብ ወረዳ ወይ ክልል ደረጃ ዝሰርሑ፣ ውሱን ጂኦግራፍያዊ ትኩረት ዘለዎም ክኾኑ ይግባእ። <br>**ትኩረትን ተሳትፎን፦** ኣብቲ ዝተጠቕሰ ኣርእስታዊ ዓውዲታት ተመክሮ ክህልዎም ኣለዎ። ብተወሳኺ፣ ትኩረቶም ወይ መሪሕነቶም ኣብ ደቂ ኣንስትዮ፣ መንእሰያት ኣጉ ዘተኮረ ክኸውን ኣለዎ። <br><br>ኣመልከትቲ ዝሓቱዎ መጠን በጀት ንምርግጋፅ፣ ምስቲ ዝምልከቶ ቢሮ ፋይናንስ ናይቲ ክልል ምትእስሳር ከም እንገብር ክትፈልጡ ይግባእ። ኣመልከትቲ ናይ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት (2023 – 2025) ዓመታዊ ናይ ኦዲት ፀብፃብ ትካሎም የቕርቡ። | (ብኢትዮጵያ ብር) ዝመጣጠን ሓደ ግራንት ናይ ምምሕዳር ተመክሮ ክህልዎም ኣለዎ። <br>- ንፋይናንሳዊ ፀብፃብ ክሕግዝ ዝኽእል፣ ብዕሊ ዝተመዘገበ ሓደ ናይ ፋይናንስ ወይ ሒሳብ ሰራሕተኛ ክህልዎም ኣለዎ፤ ከምኡውን ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ዝተረጋገፀ (payroll) ሰነድ ክህልዎም ይግባእ። እዚ ድማ ከም ክፋል ናይቲ መመልከቲ ተገሊፁ ክቐርብ ኣለዎ። | |
| ንማእከሎትን ዓበይቲን ማሕበረሰባዊ ማሕበራት <br><br>Medium/Large CSOs | እዞም ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ (CSOs) ኣብተን ዝተመረጸ ክልላት ዝርከቡ ኮይኖም፣ ከምዚ ዝስዕብ ረቛሒታት ዘማልኡ እዮም፡- <br>**ሕጋዊ መረጋገጺ፦** ብሕጊ ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ኣዋጅ ቁጽሪ 1113/2019 መሰረት፣ ኣብ ወይ ድሕሪ 2019 ዓ.ም. ብሕጊ ዝተመስረቱ፣ ዳግማይ ዝተመዝገቡ ወይ ዳግማይ ዝተመስረቱ። <br>**ተመክሮን ዓቕምን፦** ኣብ ዓውዲ ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ልዕሊ 5 ዓመታት ተመክሮ ዘለዎም፣ ምሉእ ናይ ኣመሓዳድራን ተሓታትነትን (governance and compliance) ፖሊሲታት፣ ልዕሊ 3 ዓመታት ዝጸንሕ ስትራተጂያዊ ትልሚ፣ | - ኣብቲ መግለጺ ዝተጠቕሱ ረቛሒታት ዘማልኡ ክኾኑ ኣለዎም። <br>- ኩሎም ናይ ብቕዓት ረቛሒታት ዘማልኡ ክኾኑ ኣለዎም። <br>- ኣብ ዝሓለፉ 3 ዓመታት፣ ካብቲ ዝሓተትዎ መጠን ግራንት (ብኢትዮጵያ ብር) ዝበልፅ መጠን ገንዘብ ናይ | Meso |

| | | | |
|---|---|---|---|
| | ከምኡውን ኣብ ግብሪ ዝወዓለ ናይ ፋይናንስ ኣመሓድራ ሜላታት ዘለዎም።<br>**ሓይሊ ሰብ፦** ቀወምቲ ሰራሕተኛታት (ልዕሊ 3 ናይ ቴክኒክን ሓገዝትን ሰራሕተኛታት) ዘለዎም።<br><br>**ፋይናንሳዊ ዓቕሚ፦** ብዕሊ ዝተደራጀዩ ኮይኖም፣ ዓመታዊ ወጻኢኦም ካብቲ ዝሓተትዎ መጠን ግራንት (ብኢትዮጵያ ብር) ዝበልጽ ክኸውን ኣለዎ።<br>ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ማእከላይ ዓመታዊ በጀቶም ልዕሊ 100,000 ዩሮ (18,300,000 ብር) ዝነበረ ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ፣ "ንኡሳን" ተባሂሎም ስለዘይርኣዩ ንግራንት ብቑዓት ኣይኮኑን።<br><br>እቲ ማሕበር ካልኦት ፕሮጀክታት እናሃለዉዎ፣ ናይ ሓደ ፕሮጀክት ናይ ኦዲት ፀብፃብ ጥራይ ምቕራብ፣ ንምስራዝን (disqualification) ናብ ፀሊም መዝገብ (blacklisting) ንምእታውን ይድርኽ። ኣመልከትቲ ናይ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት (2023 – 2025) ናይ ትካሎም ዓመታዊ ናይ ኦዲት ጸብጻብ ከቕርቡ ኣለዎም።<br><br>እቶም ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ኣብቶም ብመደብ EU CSF+ ዝተለዩ ኣርእስታዊ ዓውዲታት ተመክሮ ክህልዎም ኣለዎ፣ ከምኡውን ትኩረቶም ወይ መረሕነቶም ኣብ ደቂ ኣንስትዮ፣ መንእሰያት ወይ ኣጉ ዘተኮረ ክኸውን ኣለዎ።<br><br>መጠን በጀት ኣመልከቲ ንምርግጋፅ፣ ምስቲ ዝምልከቶ ቢሮ ፋይናንስ ናይቲ ከባብያዊ ክልላት ምትእስሳር ከም እንገብር ክትፈልጡ ይግባእ።<br>. | ምምሕዳር ተመክሮ ዘለዎም ክኾኑ ኣለዎም።<br>- ምስ ተገለልቲ ማሕበረሰብ ጉጅለታት ንልዕሊ 5 ዓመታት ዝፀንሐ ተግባራዊ ተመክሮ ክህልዎም ኣለዎ። ብተወሳኺ፣ ኣብቲ ኣብ ላዕሊ ክፍል 4.1 ዝተጠቕሰ ብመደብ EU CSF+ ዝተለዩ ኣርእስታዊ ዓውዲታት ተመሳሳሊ ተመክሮ ክህልዎም ኣለዎ፤ ከምኡውን ትኩረቶም ወይ መረሕነቶም ኣብ ደቂ ኣንስትዮ፣ መንእሰያት ወይ ኣጉ ዘተኮረ ክኸውን ኣለዎ። | |
| ማሕበራት<br>Association | ማሕበር ማለት ሓሙሽተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ኣባላት ዝመስረትዎ ትካል ኮይና፣ ላዕለዋይ መዓቀኒ ውሳነ ዝህብ ኣካል ድማ ጠቕላላ ጉባኤ (General Assembly) እዩ። እዚኣቶም ኣብ ድሕሪ 2019 ዓ.ም. ብሕጊ ማሕበራት ሲቪል | - ኣብቲ መግለጺ ዝተጠቕሱ ረቛሒታት ዘማልኡ ክኾኑ ኣለዎም።<br>- ኩሎም ናይ ብቕዓት ረቛሒታት ዘማልኡ ክኾኑ ኣለዎም። | ሜሶ<br><br>Meso |

| | | | |
|---|---|---|---|
| | ማሕበረሰብ ኣዋጅ ቁጽሪ 1113/2019 ወይ ብኻልእ ሕጋዊ መገዲ ኣብ ከባቢያዊ ደረጃ/ኣብቲ ዝተሓበረ ክልል ዝተመስረቱ፣ ዳግማይ ዝተመዝገቡ ወይ ዳግማይ ዝተመስረቱ ክኾኑ ኣለዎም።<br>**ረቛሒታት ማሕበር፦**<br>**ተመክሮ፦** ኣብ ዓውዲ ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ልዕሊ 5 ዓመታት ዝሰርሑ።<br>**ፋይናንሳዊ ተመክሮ፦** ካብቲ ዝሓተትዎ መጠን ግራንት (ብኢትዮጵያ ብር) ዝበልጽ ገንዘብ ናይ ምምሕዳር ተመክሮ ዘለዎም።<br>**ሰነዳትን መዋቕርን፦** ስትራተጂያዊ ትልሚ (ንኣብነት፡ ናይ 3 ዓመት)፣ ናይ ኣመሓዳድራን ተሓታትነትን ፖሊሲታት፣ ከምኡውን ኣብ ግብሪ ዝወዓለ ናይ ፋይናንስ ኣመሓድራ ሜላታት ዘለዎም።<br>**ሰብ-ሓይሊ፦** 5 ናይ ቴክኒክን ሓገዝትን ሰራሕተኛታት ዘለዎም ወይ ምስ ዝተመዝገቡ ወለንተኛታት ዝሰርሑ።<br>**ፋይናንሳዊ ዓቕሚ፦** ዓመታዊ ወፃኢኦም ካብቲ ዝሓተትዎ መጠን ግራንት (ብኢትዮጵያ ብር) ዝበልፅ።<br><br>ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት (2023 – 2025) ማእከላይ ዓመታዊ በጀቶም ልዕሊ 100,000 ዩሮ (18,300,000 ብር) ዝነበረ ማሕበራት፣ "ንኡሳን " ተባሂሎም ስለዘይርኣዩ ንግራንት ብቑዓት ኣይኮኑን።<br><br>እቲ ማሕበር ካልኦት ፕሮጀክታት እናሃለዉዎ፣ ናይ ሓደ ፕሮጀክት ናይ ኦዲት ፀብፃብ ጥራይ ምቕራብ፣ ንምስራዝን (disqualification) ናብ ፀሊም መዝገብ (blacklisting) ንምእታውን ይድርኽ። ኣመልከትቲ ናይ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት (2023 – 2025) ናይ ትካሎም ዓመታዊ ናይ ኦዲት ጸብጻብ ከቕርቡ ይምረፅ ።<br>እቲ ማሕበር ኣብቶም ብመደብ EU CSF+ ዝተለለዩ ኣርእስታዊ ዓውዲታት ተመክሮ ክህልዎ ኣለዎ፣ ከምኡውን ትኩረቱ ወይ መሪሕነቱ ኣብ | - ኣብ ዝሓለፉ 3 ዓመታት፣ ካብቲ ዝሓተትዎ መጠን ግራንት (ብኢትዮጵያ ብር) ዝበልፅ መጠን ገንዘብ ናይ ምምሕዳር ተግባራዊ ተመክሮ ዘለዎም ክኾኑ ኣለዎም።<br>- ምስ ተገለልቲ ማሕበረሰብ ጉጅለታት ንልዕሊ 3 ዓመታት ዝፀንሐ ተግባራዊ ተመክሮ ክህልዎም ኣለዎ። ብተወሳኺ፣ ኣብቲ ኣብ ላዕሊ ክፍል 4.1 ዝተጠቕሰ ብመደብ EU CSF+ ዝተለዩ ኣርእስታዊ ዓውዲታት ተመሳሳሊ ተመክሮ ክህልዎም ኣለዎ፤ ከምኡውን ትኩረቶም ወይ መሪሕነቶም ኣብ ደቂ ኣንስትዮ፣ መንእሰያት ወይ ኣጉ ዘተኮረ ክኸውን ኣለዎ። | |

| | | | |
|---|---|---|---|
| | ደቂ ኣንስትዮ፣ መንእሰያት ወይ አጉ ዘተኮረ ክኸውን ኣለዎ።<br><br>መጠን በጀት ኣመልከትቲ  ንምርግጋፅ፣ ምስቲ ዝምልከቶ ቢሮ ፋይናንስ ናይቲ ከባብያዊ ክልላት ምትእስሳር ከም እንገብር ክትፈልጡ ይግባእ<br><br>**ኣብነት ናይ ማሕበራት፦** ከም ናይ መማህራን ማሕበር፣ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ማሕበራት፣ ናይ ህንፀት ገዛ ስራሕቲ ማሕበራት፣ ናይ መንእሰያት ማሕበር፣ ናይ ጡረታተኞች ማሕበር፣ ናይ አጉ ማሕበር፣ ከምኡውን ናይ ከባቢ ማሕበር ዝኣመሰሉ ካብ መንግስታዊ መዋቕር ወፃኢ ዝኾኑ ማሕበራት ይጠቕሱ። | | |
| ከናብያዊ ጥምረት Grassroot Networks | **መርበብ ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ (CSO Networks)**<br>እዞም መርበባት ብከባብያዊ ወይ ሃገራዊ ደረጃ ዝተመስረቱ ኮይኖም፣ ብሕጊ ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ኣዋጅ ቁጽሪ 1113/2019 ወይ ብኻልእ ከባብያዊ/ዞባዊ ኣካላት ኣመሓዳሪ ሕግታት ኣብ ወይ ድሕሪ 2019 ዓ.ም. ዳግማይ ዝተመዝገቡ ወይ ዳግማይ ዝተመስረቱ እዮም።<br>**ረቛሒታት መርበብ፦**<br>**መዋቕር፦** ብውሕሉል ቁጽሪ ካብ 10 ክሳብ 50 ዝበፅሑ ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ዝቖሙ፣ ከም መድረኻት፣ ጥምረታት (Coalitions)፣ ፈዴሬሽናት፣ ኮንሶርቲየማት ወይ መርበባት ዝተደራጀዩ።<br>**ተመክሮ፦** ኣብ ዓውዲ ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ንልዕሊ 5 ዓመታት ዝሰርሑን ንጡፍ ፋይናንሳዊ ምንቅስቓስ ዘለዎምን።<br>**መሰረተ-ልምዓት፦** ምሉእ ናይ ኣመሓዳድራን ተሓታትነትን (governance and compliance) ፖሊሲታት፣ ናይ 3-5 ዓመት ስትራተጂያዊ ትልሚ፣ ኣብ ግብሪ ዝወዓለ ናይ ፋይናንስ ኣመሓድራ ሜላታት፣ ከምኡውን ውጽኢታዊ ናይ ፕሮጀክት ኣመሓድራ ስርዓታት ዘለዎም።<br>**ሰብ-ሓይሊ፦** ልዕሊ 3 ቀወምቲ ሰራሕተኛታት (ናይ ቴክኒክን ሓገዝትን) ዘለዎም። | - ኣብቲ መግለጺ ዝተጠቕሱ ረቛሒታት ዘማልኡ ክኾኑ ኣለዎም።<br>- ኩሎም ናይ ብቕዓት ረቛሒታት ዘማልኡ ክኾኑ ኣለዎም።<br>- ኣብ ዝሓለፉ 3 ዓመታት (2023 – 2025)፣ ካብቲ ዝሓተትዎ መጠን ግራንት (ብኢትዮጵያ ብር) ዝበልፅ መጠን ገንዘብ ናይ ምምሕዳር ተግባራዊ ተመክሮ ዘለዎም ክኾኑ ኣለዎ።<br>- ምስ ተገለልቲ ማሕበረሰብ ጉጅለታት ን3 ዓመታት ዝፀንሐ ተግባራዊ ተመክሮ ክህልዎም ኣለዎ። ብተወሳኺ፣ ኣብቲ | ሜሶ ግራንት<br><br>Meso grants |

| | | | |
|---|---|---|---|
| | **ፋይናንሳዊ ዓቕሚ፦** ዓመታዊ ወፃኢኦም/ኣታዊኦም ካብቲ ዝሓተትዎ መጠን ግራንት (ብኢትዮጵያ ብር) ዝበልፀ።<br><br>መጠን በጀት ኣመልከትቲ ንምርግጋፅ፣ ምስቲ ዝምልከቶ ቢሮ ፋይናንስ ናይቲ ከባብያዊ ክልላት ምትእስሳር ከም እንገብር ክትፈልጡ ይግባእ።<br>**ዕላማን ግደ መርበባት፦**<br>እዞም ናይ ማሕበረሰብ (Grassroots) መርበባት፣ ንማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ንምምሕያሽ፣ ብሓባር ንምስራሕ፣ ንምምኽኻር፣ ንምፅውዋርን ንምንስኻስን ዝሰርሑ እዮም።<br>ዕላማኦም ድማ ኣብ ሓደ ወይ ብዙሓት ዓውዲታት ዘለዉ ዕድላት፣ ተኽእሎታት፣ ብድሆታትን ስትራተጂታትን ብሓባር ንምልላይን ንምፍታሕን እዩ።<br>እዞም መርበባት ከም ስትራተጂያዊ መሻርኽቲ ስለዝርኣዩ፣ ነቲ ረቛሒታት ዘማልኡ ኮይኖም ክወዳደሩ ብትሪ ይተባብዑ።<br>ቅድሚ ሕጂ ተመክሮ ዘይብሎም ሓደስቲ ናይ መሰረታዊ ማሕበረሰብ መርበባት፣ ኩሎም ረቛሒታት ዘማልኡ እንተኾይኖም ኣብ "ምድብ ሓደ (Micro Category I)" ክወዳደሩ ይኽእሉ እዮም።<br>እቲ መርበብ ንባዕሉ ብቐጥታ ንትግባረ እቲ ፕሮጀክት ሓላፊ እዩ፤ ከም ማእከላይ ኣካል (intermediary party) ኮይኑ ክሰርሕ ኣይክእልን እዩ። | ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ብመደብ EU CSF+ ዝተለዩ ኣርእስታዊ ዓውዲታት ተመሳሳሊ ተመክሮ ክህልዎም ኣለዎ፤ እዚ ድማ ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ንምጥንኻር፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ምትሕብባር፣ ካብ ተሞክሮ ምምሃር፣ መርበብ ሓበሬታ (networking)፣ ምክርኻርን (advocacy) ፖሊሲ ኣብ ምፅላውን ዝግበር ንጥፈታት ዘጠቓለለ እዩ። | |

**መዘኻኸሪ፡** ደቀቕቲ (ማይክሮ) ምድብ ሓደ ኣመልከትቲ ክሳብ €10,000 ዝበፅሕ ድጋፍ ሓሳብ ከቕርቡ ይኽእል፤ ማይክሮ ምድብ ክልተ ኣመልከትቲ ካብ €15,000 - €30,000 ዝበፅሕ ድጋፍ ሓሳብ ከቕርቡ ይኽእል፤ እቶም ንሜሶ ዝምልከቱ ድማ ካብ €30,000 - €50,000 እዮም።

### 7.2. ሕግታት ናይቲ ጻውዒት (Rules of the Call)

እዞም ዝስዕቡ ሕግታት ኣብ ኩሉ ብርኪ መስርሕ ምምሕዳር ግራንት (Grant) ንኹሎም ኣመልከትቲ ተፈጻምነት ይህልዎም፦

- ብቕዓት ዘማልኡ ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ (CSOs) ኣብ ክፋል 7.1. ዝተጠቕሱ ረቛሒታት ዘማልኡ ጥራይ ከምልከቱ ይኽእሉ፣

- ዕዉታት ኣመልከትቲ (ኣብ ብርኪ መግለጺ ድሌት/EoI) ጥራይ ኣብ መስርሕ ምድላው ፕሮፖዛል ንኽሳተፉ ክዕደሙ እዮም፣
- ነፍሲ ወከፍ ትካል ንንጥፈታቱ ኣብ **ሓደ ጂኦግራፍያዊ ክልል** ጥራይ ከቕርብ ትፅቢት ይግበረሉ። ካብ ሓደ ማሕበር ንብዙሓት ክልላት ዝቀርብ መመልከቲ ከም ዘይበቅዕ ተቆፂሩ ናብ ምስራዝ ክመርሕ እዩ፣
- ድሕሪ መወዳእታ ግዜ ዝመፀ መመልከቲ፣ ሙሉእነት ዘይብሎም ሰነዳት፣ ከምኡውን ነቲ ናይ መመልከቲ ኣብነት (Template) ዘይተጠቀመ መመልከቲ ብምሉኡ ክነፀግ እዩ፣
- ኩሉ መመልከቲ ብቋንቋ እንግሊዝኛ ተዳልዩ ክቀርብ ኣለዎ፣
- ኣመልከትቲ ኣብ ምድላውን ምቕራብን መግለፂ ድሌት (EoI) ንዘውጽእዎ ወጻኢታት ክፍሊት ኣይክህልዎምን እዩ። ኩሉ ወፃኢታት ናይቲ ኣመልካቲ ሓላፍነት እዩ፣
- ካብቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ወፃኢ፣ መመልከቲታት ኣብ ዝኾነ ብርኪ ብሰሪ እዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ክነፀጉ ይኽእሉ፦
  - ናይቲ ፃውዒት ትፅቢት ዝግበረሉ ናይ ፅሬት መለክዒታት ወይ ረቛሒታት ዘይምምላእ፣
  - ኣብ መስርሕ ምፅራይ (Due diligence) ዝተረኽበ ዓቢ ፀገም፣
  - ንውጽኢታዊነት እቲ መደብ ዝፀሉ ዘይተሓሰበ ኩነታት፣
- መደብ EU CSF+ ኣብ ዝኾነ እዋን ድሕሪ ብርኪ EoI፣ ብዛዕባ ትሕዝቶ፣ ቅርጺ ወይ በጀት እቲ ፕሮጀክት ምስ ዝኾነ ኣመልካቲ ናይ ምዝታይ መሰሉ ይሕሉ እዩ። ፕሮግራሙ ዝኾነ ወይ ኩሉ መመልከቲታት ናይ ምሕጋዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፣
- ዕላማታትን ትሕዝቶን ኣብ መግለጺ ድሌት (EOI) ዝተጠቕሰ፣ ኣብ ግዜ ምድላው ምሉእ ፕሮፖዛል ክቅየር ኣይክእልን፣
- ምስ መምርሒ EOI ተተሓሒዙ ዝርከብ ዝኾነ ጌጋ ወይ ዓቢ ፍልልይ ናብ ምቅባል ዘይኮነስ ናብ ምስራዝ መመልከቲ ክመርሕ ይኽእል፣
- ብኢድ ዝተጻሕፈ መመልከቲ ኣይክቕበልን እዩ፣
- ኣብ ምድላው EOI ዝኾነ ተርእዮ ምቁባይ (Plagiarism) መመልከቲ ናብ ምስራዝ ክመርሕ እዩ፣
- በጀት ብኢትዮጵያ ብር (ETB) ክቀርብ ኣለዎ፤ ንምጽራይ ዝሕግዝ ድማ ብዩሮ (EUR) ተሰሊሑ ክቀርብ ይግባእ። ኣመልከትቲ ንመቀያየሪ ዋጋ 1 ዩሮ = 182.90 ብር ይጠቀሙ፣
- ኣብ ቀዳማይ ዙርያ EU CSF+ ዝረከቡ ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ንዚ ግራንት ብቑዓት ኣይኮኑን፣
- እቶም (ካብ ምድብ ማይክሮ I ወፃኢ) ዝኾኑ ኣመልከትቲ፣ ናይ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት (2023 – 2025) ዓመታዊ ናይ ኦዲት ፀብፃብ ከቕርቡ ዘይከኣሉ ብቁዓት ኣይክኾኑን እዮም።

### 7.3. ብቑዓትን ዘይብቑዓትን ንጥፈታትን ወጻኢታትን ንንኡስ ግራንት (Sub-Granting)

#### 7.3.1. ብቑዓትን ዘይብቑዓትን ንጥፈታት

እቶም ክካየዱ ዝኽእሉ ንጥፈታት፣ ምስ ዕላማታትን ቀዳምነታትን ናይቲ መደብ (Funding window) ብቐጥታ ዝተዛመዱ ክኾኑ ኣለዎም። ኩሎም ንጥፈታት ብግልፂ ዝተገልፁ፣ ክዕቀኑ ዝኽእሉ ውፅኢታት ዘለዎምን ኣብቲ እዋን ዝነበሩ ብድሆታት ዝፈትሑን ክኾኑ ይግባእ።

**ብቑዓት ንጥፈታት (እዞም ዝስዕቡ ከም ኣብነት ይጠቕሱ):**

i. ተራ ከባብያዊ ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ (CSOs) ኣብ ምክትታል ፖሊሲታትን መደባትን መንግስቲ ዘዕብዩ፤

ii. ኣብ መንጎ ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ምትእስሳርን ምትሕብባርን ዘራጉዱ፤

iii. ዜጋታት፣ ብፍላይ መንእሰያት፣ ደቂ ኣንስትዮን ኣካል ጉዱኣትን፣ ንቁልፊ ብድሆታት ኣፍልጦ ንክህልዎምን መራሕቲ ውሳነ ንክሓቱ ንምክያድ፤

iv. ብመሰረት መምርሒ ቪዚቢሊቲ (Communication and visibility guideline) ናይ EU CSF+ መደብ፣ ኣብ ቁልፊ ጉዳያት ፖሊሲ ንምንቅስቓስ ዝተፈላለዩ ዓይነት መራኸቢ ብዙሃን ምጥቃም፤
v. ንምክትታል ስትራተጂታት ጥብቅናን ምክርኻርን (Advocacy) ዘድሊ መፅናዕታዊ ፀብፃባትን ናይ ፖሊሲ ወረቐታትን ብምትሕብባር ምድላው፤
vi. ኣብ መንጎ ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ መርበብ ንምፍጣርን፣ ኣብ መንጎ ከባብያዊ ማሕበራትን ማሕበራት ማሕበረሰብን ዓቕሚ ንምጉልባት ዝሕግዙ ንጥፈታት፤
vii. ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ፣ ዜጋታት፣ መንእሰያት፣ ደቂ ኣንስትዮን ኣጉን ንዲሞክራስያዊ ለውጥታት ንምጉስጓስ፣ ተሓታትነትን ልዕልና ሕግን ንምዕባይ ዝሕግዙ፤
viii. ኣብ ኢትዮጵያ ንዘለዉ ከባብያዊ ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ስልጠና፣ ምኽሪ (mentoring)፣ ደገፍን መተባብዒን ዝህቡ፤
ix. ስርዓተ ፆታ፣ ሰብኣዊ መሰላት፣ ጎንፂን፣ ኣካል ጉድኣትን ካልኦት ተዘዋዋሪ ጉዳያትን ኣብ መደባት ብንጡፍ ዘካተቱ፤
x. ንመሰል ህጻናት፣ መንእሰያት፣ ደቂ ኣንስትዮን ኣካል ጉዱኣትን ዘተኮረ፣ ንተገለልቲ ክፍሊ ማሕበረሰብ ሰብኣዊ መሰላቶም ንምርግጋፅ ዝድግፉ ንጥፈታት።

**ዘይብቑዓት ንጥፈታት፡-**

i. ብሃገራዊ ሕጊ ዝተኸልከሉ ንጥፈታት፤
ii. ምስ ፖለቲካዊ ወይ ሃይማኖታዊ ኣጀንዳታት ብቐጥታ ዝተዛመዱ ወይ ዝድግፉ ንጥፈታት።

**7.3.2. ብቑዓትን ዘይብቑዓትን ወፃኢታት**

እቶም ኣብ ትሕቲ መደብ EU CSF Plus ተሓገዝቲ (Sub-grantees) ንምምሕዳርን ንንጥፈታት ፕሮጀክትን ዘድልዩ፣ ኣድለይቲ፣ ተመጣጣንትን መሰረታውያንን ዝኾኑ ወፃኢታት ብሓፈሻ ከም ብቑዓት ወጻኢታት ይርኣዩ።

**ብቑዓት ወፃኢታት (Allowed costs):**

- ሕትመት፣ ኮፒን ምሕታምን፣
- ወፃኢታት መጓዓዝያ፣
- ደሞዝ ሰራሕተኛታት፣
- ክራይ (ንፕሮጀክት ጥራይ)፡ ኣብቲ ከባቢ ካብ ዘለዉ ተመሳሰልቲ ኣብያተ-ፅሕፈት ክራይ ክበልፅ የብሉን። ይኹን እምበር፣ እቲ ተሓጋዚ ትካል ብባዕሉ ዝውንኖ ንብረት ክራይ ክሕተት ኣይክእልን፣
- ኮንፈረንስን ስልጠናን፡ ምድላው ኣኼባ፣ ክራይ ኣዳራሽ፣ ናይ ፖስታን ስልኪን ወፃኢታት፣ ከምኡውን ናይ መጓዓዝያ፣ መግቢን መሕደርን ወጻኢታት (ንተሳተፍትን ኣወሃህድትን)፣
- ኣቅሑት ቤት ጽሕፈትን ፕሮጀክትን፣
- ወጻኢታት ፖስታ፣
- ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት (Consultancy)፡ ፍሉይ ክእለት ኣብ ዘድልየሉን ብዘይ ክፍሊት ዘይርከበሉን እዋን። እዚ ድማ ብመሰረት ናይቲ ትካል ምስ ናይ ኤውሮጳ ሕብረት መምርሒ ዕድጊትን (EU Procurement Rules) ክካየድ ኣለዎ፣
- ምስ ፕሮጀክት ዝተዛመደ ወፃኢታት መራኸቢታት፣
- ክራይ መኪናን መሳርሒታትን (ከም ኣድላይነቱ)፣
- ወፃኢታት ሓለዋ ፀጥታ።

**ዘይብቑዓት ወጻኢታት (Ineligible costs):**

- መስተ ኣልኮል፣
- ህያባት ወይ ጉቦ፣
- ወታደራዊ ዓይነት መሳርሒታት፣
- ምግዛእ መኪና፣ መሬት ወይ ንብረት፣
- ዓበይቲ ወፃኢታት ካፒታል፣
- ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛታት ክፍሊት/ካሕሳ፣
- ደሞዝ ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛታት ሰራሕተኛታት፣
- ድሕሪ ግዜ ፕሮጀክት ዝወፅእ ወፃኢ፣
- ክፍሊት ዕዳ፣ ዘይርከብ ዕዳታት (Bad debts)፣ ወይ ናይ ፋይናንስ ሊዝ (finance lease) ወለድ ወይ ናይ ኣገልግሎት ክፍሊት፣
- ብሃይማኖታዊ ወይ ፖለቲካዊ ባህሪ ጥራይ ዝተወሰኑ ንጥፈታት፣
- ብኻልእ ምንጬታት ዝተሸፈኑ ንጥፈታት፣
- ኣሉታዊ ወለድ (Negative interest) ብባንክታት ወይ ካልኦት ፋይናንሳዊ ትካላት ዝሕተት፣
- ኣብ ውዕል ግራንት ብፍሉይ ዝተኸልከሉ ካልኦት ወፃኢታት፣
- ቦነስ ንሰራሕተኛታት (ኣብ ኩሉ ደረጃታት)፣
- ናይ ሸርፊ ባጤራ ክሳራ (Currency exchange losses)፣
- መቕፃዕትን ፍርድን (ናይ ሕጊ፣ ገበናዊ ወይ ካልእ)፣
- ምድላው ንክሳራ ወይ ንመፃኢ ክጋጠሙ ንዝኽእሉ ሓላፍነታት።

እዚ ዝርዝር እዚ ኩሉ ዘይብቑዓት ወፃኢታት ዝሓቆፈ ኣይኮነን። ክርስትያን ኤይድን (Christian Aid) ከም መሻርኽቲ ግራንት መጠን፣ ኣብ ግዜ ግምገማ ፕሮፖዛል ንኹሎም ወፃኢታት ክምርምሩን ምስ መትከላት CSF Plus ዘይከዱ ወፃኢታት ክለልዩን እዮም።

**7.3.3. ብቕዓት ኣመልከትቲ**

እዚ መደብ ብቐንዱ ንምድጋፍ ዝዓለመ ኣብ ታሕቲ ምስቲ ማሕበረሰብ  ዝርከቡን (grassroots)፣ ውሱን ዓቕሚ ዘለዎምን ዝያዳ ብድሆታት ዝገጥሞምን ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ (CSOs) እዩ። ይኹን እምበር፣ ካልኦት ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ፣ ጥምረታት (coalitions)፣ ማሕበራት (associations)፣ ከምኡውን መርበባት (networks) ብቑዓት እዮም። እዘም ትካላት ግና ምስ ፋይናንሳዊ ምሕደራ ዝተሓዙ ሓደጋታት ንምክልኻል፣ ፍሉይ ናይ ትካል ብቕዓት ረቛሒታት ከማልኡ ኣለዎም። ኣብ ታሕቲ ዝተጠቕሱ ነጥብታት፣ ብዘየገድስ ዓይነት ትካል ንኹሎም ኣመልከትቲ ዝምልከቱ ዓቕን ዘይብሎም (blanket) ረቛሒታት እዮም፦

- **ሕጋዊ ምዝገባ፦** ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ፈደራል ወይ ከባብያዊ ብርኪ ዝተመዝገቡ (ናይ ቀረባ ግዜ ዝተሓደሰ ሰርቲፊኬት ወይ ፍቃድ ዘለዎም)፤
- **ጂኦግራፍያዊ ህላወ፦** ኣብቲ ዝተሓበረ ከባቢታት (ከተማ ኣዲስ ኣበባ፣ ማእከላይ ኢትዮጵያ፣ ክልል ትግራይ ወይ ክልል ደቡብ ኢትዮጵያ) ህላወ ዘለዎም። ኣመልከትቲ ኣብቲ ዝወዳደርሉ ዘለዉ ክልል ቤት ፅሕፈት (ወይ ቅርፃፍ ) ከምኡውን ሰራሕተኛታት ክህልዎም ኣለዎ። ኣብ ታሕተዋይ ምምሕዳር ደረጃታት (ቀበሌ፣ ከተማ ምምሕዳር ወይ ወረዳ) ንጡፍ ፕሮጀክት ወይ ናይ ቀረባ ግዜ ስራሕ ምህላው ተወሳኺ ረብሓ (advantage) ኣለዎ፤
- **ፋይናንሳዊ ሓላፍነት፦** ካብ ፋይናንሳዊ ዕዳታት ናፃ ዝኾኑ፤

- **ፅሬት፡-** ኣብ መስርሕ ምርመራ ምትላል (fraud)፣ ሙስና፣ ፆታዊ ዓመፅ፣ ፆታዊ ምዝመዛ፣ መጥቃዕቲ ወይ ካልኦት ዘይሕጋዊ ተግባራት ዘይርከቡ፤
- **ውሽጣዊ ቁፅፅር፡-** ተመጣጣኒን ናይ ስራሕ ውሽጣዊ መቆፃፀሪ ስርዓታት ዘለዎም ወይ ንምምስራቱ ዝተዋዓዓሉ (ናይ ፋይናንስ ኣመሓድራ፣ ናይ ዕድጊት፣ ናይ ሰብ-ሓይሊ ኣመሓድራ፣ ፕሮጀክት ኣመሓድራ፣ ናይ ትካል ኣመሓድራ ወዘተ)። እዚ ድማ ብመሰረት ዓይነት እቲ ትካል ዝተመጣጠነ ክኾውን ኣለዎ፤
- **ናይ ፋይናንስ ሰራሕተኛ፡-** ንፋይናንሳዊ ፀብፃብ ክሕግዝ ዝኽእል እንተወሓደ ሓደ ናይ ፋይናንስ ወይ ሒሳብ ሰራሕተኛ ዘለዎም፤
- ኣብቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ (EU) መቕፃዕቲ ወይ መገድታት ዘለዉ ኣካላት ወይ ሰባት ዘይተካተቱ፤
- ንኣዋጅ ቁጽሪ 1113/2019 (20/80) ከምኡውን ንኻልኦት ሃገራዊን ከባብያዊን ሕግታት ዝኽተሉ፤
- ግዴታዊ ዝኾኑ ስርዓታት ስራሕ (safeguarding፣ ግጭት ረብሓ፣ ናይ ስነ-ምግባር መምርሒ) ዘለዎም ወይ ድሕሪ ምኽታም ውዕል ኣብ ውሽጢ ክልተ ኣዋርሕ ብደገፍ ተሓጋገዝቲ ንምምዕባል ድልዋት ዝኾኑ፤
- ኣብ ምድላው፣ ምምሕዳርን ትግባረን እቲ ንጥፈት ብቐጥታ ሓላፊ ዝኾኑ እምበር ከም ማእከላይ ኣካል (intermediary) ዘይሰርሑ።

  እዚ ብቕዓት ዘይኮነ እኳ እንተኾነ፣ እቲ ፃውዒት ብፍላይ ንማሕበራት ደቂ ኣንስትዮ፣ መንእሰያት፣ ከምኡውን ኣካለ ጉዱኣት ዝምርሑ ወይ ዝተኮሩ ማሕበራት ማሕበረሰብ (grassroots) ብዝያዳ ይቕበል። እዚ ድማ 40% ካብቲ መደብና ንደቂ ኣንስትዮ፣ መንእሰያትን ስንኩላንን ዝድግፉ ማሕበራትን መርበባቶምን ንምሕጋዝ ዝገበርናዮ ትልሚ ንምዕዋት እዩ።

**7.3.4. ጂኦግራፍያዊ ብቕዓት**

ንጥፈታት ፕሮጀክት ኣብ ማእከላይ ኢትዮጵያ፣ ደቡብ ኢትዮጵያ፣ ትግራይ፣ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ጥራይ ክካየዱ ኣለዎም። ካብዚ ወጻኢ ዝርከቡ መመልከቲታት ከም ዘይብቑዓት ይቑፀሩ።

**7.3.5. በዝሒ መመልከቲ**

ሓደ ትካል ኣብ ሓደ ጂኦግራፍያዊ ክልል ጥራይ እዩ መመልከቲ ከቕርብ ዝኽእል ።

**7.3.6. ግዜ ፕሮጀክት**

እቲ ዘቕርቡዎ ፕሮጀክት ዕድመኡ ካብ 12 ወርሒ ክሳብ 18 ወርሒ ክኸውን ኣለዎ።

**7.4. መስርሕ መመልከቲን መወዳእታ ግዜን**

መመልከቲታት ብመሰረት እቲ ኣብ መምርሒ ተጠቒሱ ዘሎ መግለፅ ድሌት (EOI) መምርሒታት፣ ብሓፈሻ ኣብቲ ናይ መመልከቲ ኣብነት (ANNEX II) ከም ዝተቀመጠ ክቕርቡ ኣለዎም። ኣመልከትቲ ነቲ ዝተቀመጠ ቅርጺ ብትሪ ክኽተሉን፣ ነቶም ሕቶታት ብተኸታታሊ ክምልኡን ይግባእ። ንግቡእ ግምገማ ምእንቲ ክጥዕም፣ ነቲ EOI ብጥንቃቐን ብንፁርን ክትምልእዎ ይግባእ።

ኣብ ውሽጢ እቲ EOI፣ ኣመልከትቲ ግምታዊ መጠን ግራንት (ገንዘባዊ ሓገዝ)፣ ከምኡውን ናይቲ ንጥፈት ናይ ስራሕን ፕሮግራምን ወፃኢታት ብፐርሰንት (ካብ ሚኢቲ)፣ ብምጥቃም እቲ ንበጀት ተባሂሉ ዝተዳለወ ሓፂር ሰንጠረዥ (summary table) ክገልፅዎ ይግባእ። ዝርዝር በጀት ካብቶም ዝተዓወቱ (shortlisted) ኣመልከትቲ ጥራይ፣ ኣብ ካልኣይ ብርኪ መስርሕ መመልከቲ፣ ምሉእ ፕሮፖዛል ኣብ ዝቕርቡሉ እዋን እዩ ዝሕተት።

እቲ ናይ ድሌት ምግላፅ መመልከቲ (EOIs) ብኢሜይል ናብ eucsfplusapplicationround2@christian-aid.org ወይ ብኢድ ናብቲ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሰደቓ ተጠቒሱ ዘሎ ኣድራሻ፣ ቅድሚ መወዳእታ ግዜ ክለኣኹ ኣለዎም።

ኣርእስቲ ኢሜይል (Subject heading) [Organization Name] (ሽም ትካልኩም) እና [Region you applied for] (እቲ ዘመልከትኩሙሉ ክልል) ክኸውን ኣለዎ።
በጃኹም ፋይል ብሊንክ (linked file sharing methods) ናይ ምልኣኽ ኣገባብ ኣይትጥቀሙ።

**ሰደቓ 1፦ ብኣካል ሰነዳት ከተእትዉሎም ትኽእሉ ኣድራሻታት (በኢድ ንምርካብ)**

| ስም ማሕበራት/ትካላት | ናይ ውሽጢ ዓዲ ኣድራሻ | ክልል |
|---|---|---|
| **ናይ ሲቪል ማሕበረሰባት እታዎታት ማእኸል** (ሲኤስአይሲ) | ኣዲስ ኣበባ ቦሌ ክፍለ ከተማ፣ ብድሕሪ ፍሬንድሺፕ ህንጻ፣ ኣሌክስ ህንጻ 4ይ ፎቅ፣ ገዛ ቁፅሪ 4 ሲ<br><br>ዝረኽቡዎ ሰብ፦ ኤፍሬም ሳሙኤል፣ ቁፅሪ ቴሌፎን፦ +251974157421 | ምሕደራ ከተማ ኣዲስ ኣበባ |
| | ሆሳእና ከተማ፣ ማእኸላይ ኢትዮጵያ ክልል ቢሮ ፋይናንስ (BoF)፣ 2ይ ፎቅ፣ ቤት ጽሕፈት ዳይሬክተራት መተሓባበሪ ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ<br><br>**ዝረኽቡዎ ውልቀ፦** ኤፍሬም ሳሙኤል፣ ቁፅሪ ቴሌፎን፦ +251 911 915142 | ክልል ማእኸላይ ኢትዮጵያ |
| **ቤት ጽሕፈት ክርስቲያን ኤድ ጂንካ** (ሲኤ) | ክልል ደቡብ ኢትዮጵያ፣ ቤት ጽሕፈት ከባቢ ክርስቲያን ኤድ ጂንካ፣ ጂንካ ከተማ፣ ኣርኪሻ ቀበሌ፣ ኣብ ውሽጢ ግቢ ኣክሽን ፎር ዴቨሎፕመንት<br><br>**ናይ ርክብ ስሊኪ ቁፅሪ** ነጻነት ፈለቀ፣ ቁፅሪ ቴሌፎን፦ +251 913 232 651 | ክልል ደቡብ ኢትዮጵያ |
| **ማሕበር ኪነ-ጥበብ ጩራ ኣቡጊዳ (CAAA)** | መቐለ ከተማ፣ ዓዲ ሓቒ ክፍለ ከተማ፣ ዓዲ-ሓውሲ ቀበሌ፣ ከባቢ ቅድስቲ ማርያም ቤተክርስቲያን፣ ጥቓ ዓዲ ዕዳጋ<br><br>**ዝረኽቡዎ ውልቀ፦** ቢንያም ናደው፣ +251 914721453 | ትግራይ |

እቶም መመልከቲ ኣካላት ኤሌክትሮኒካዊ ኣገልግሎታት ንምርካብ ዝጽገሙ እንተኾይኖም፣ ነቲ ናይ ድሌት መግለጺ ብኢድ ምርካብ እውን ይፍቀድ እዩ። ኣብዚ እዋን እዚ፣ መመልከቲ ኣካላት ክልተ ቅዳሕ (ኮፒ) እቲ

መመልከቻ ምስ ናይ መሰነይታ ደብዳቤ ከምኡ እውን ምስ ኩሎም ኣድለይቲ ሰነዳት ብምትሕሓዝ፣ ማሕተም ገይሮምን ኣሽጎምን ከቕርብዎ ኣለዎም። እዚኣቶም ከቕርቡ ከለዉ ድማ መመልከቻኦም ምምዝጋቡ ከረጋግጹን ዝተፈርመሉን ዕለት ዝሰፈረሉን መረጋገጺ ደብዳቤ ክቕበሉ ኣለዎም።

ምስቲ ቅጥዒ መመልከቻ እዞም ዝስዕቡ ደገፍቲ ሰነዳት ክቐርቡ ኣለዎም፦

1. ሕጋዊ መንነት እቲ ማሕበር (ናይ ምዝገባ ምስክር ወረቀት)
2. ናይ ሰለስተ ዓመታት (2015-2017 ዓ.ም) ናይቲ ማሕበር ናይ ኦዲት ጸብጻብ፤ እዋናዊ ፋይናንሳዊ ቕዋም ዘርእይ ክኸውን ኣለዎ።
3. ምሉእ ዝኾነ ናይ ፕሮጀክት ድሌት መግለጺ ቅጥዒ።
4. ምሉእ ዝኾነ ናይ ድሌት መግለጺ መመልከቻ ኣዋጅ (ዝተፈርመሉን ማሕተም ዝዓረፈሉን IV ከምኡ እውን ካልኦት ኣድለይቲ ዝኾኑ ሰነዳት።

**ናይ ግዜ ገደብ፦** እቲ ናይ ድሌት መግለጺ መእተዊ ናይ ግዜ ገደብ ክሳብ **28 ሓምለ 2018 ዓ.ም ሰዓት 11:00 (ናይ ምሸት)** እዩ። መመልከቲ ኣካላት ብሰንኪ ዑደት ኢንተርኔት ወይ ምስ መርበብ ኢንተርኔት ዝተተሓሓዙ ፀገማት ንከየጋጥሞም፣ ነቲ ናይ ድሌት መግለጺኦም ኣቐዲሞም ከእትዉ ይመኸሩ፤ እዚ ድማ ናይ መብራህቲ ምቁራጽ ጸገም እውን ዘጠቓልል እዩ። እቲ ናይ ግዜ ገደብ ብጥብቂ ተፈጻሚ ከምዝኾውን ብጽኑዕ ኣስተውዕሉ፤ ካብቲ ናይ ግዜ ገደብ ሓሊፎም ዝመጹ ናይ ድሌት መግለጺታት ኣብ ግምት ዝኣትዉ ኣይኮኑን።

**ቕሬታታት፦** ንዝኾነ ዓይነት ቕሬታ፣ መመልከቲ ኣካላት ናብ ናይ ክርስቲያን ኤድ ናይ ቕሬታ መቐበሊ ኢሜል Ethiopia.complaintsround2@christian-aid.org, ክሰዱ ይኽእሉ እዮም። ካብዚ ብተወሳኺ፣ ኣብቶም ክልላዊ ማእኸላት መመልከቻ፣ ናይ ቕሬታ ሰነዳት ብኣካል ንምእታው ዘኽእሉ ናይ ቕሬታ ሳጹናት ኣለዉ።

### 7.5. ገምጋም መመልከቻታት

እቶም መመልከቻታት ብዝተጣየሹ ናይ ድልየት መግለጺ ገምጋሚ ኮሚቴታት ኣቢሎም ዝምርመሩን ዝግምገሙን እዮም። ኩሎም መመልከቻታት እውን ኣብቲ ብሳልሳይ ወገን ዝግበር ፋይናንሳዊ ሓገዝ (ኤስ ኤፍ ቲፒ) መምርሒ ተገሊጾም ብዘሎ ውሽጣዊ መስርሓት መሰረት ዝግምገሙ እዮም። እቲ ናይ መመልከቻ ምርመራ፣ እቲ ዝሕሰብ ስጉምቲ ነቶም ኣብ ክፍሊ 7.1 ተቐሚጦም ዘለዉ መስፈርታት ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ዘየማልእ ምኺኑ እንተየርእዩ፣ እቲ መመልከቻ በዚ ምኽንያት እዚ ጥራይ ውድቅ ዝግበር እዩ።

### 7.6. ምምሕዳራዊ ፍተሻታት

ኣብ ምምሕዳራዊ ፍተሻ እዞም ዝስዕቡ ዝግምገሙ እዮም፦

- እቲ ናይ ግዜ ገደብ ክኽበር ኣለዎ፤ እንተዘይኮይኑ ግን እቲ መመልከቻ ውድቂ ይኸውን።
- እቲ ናይ ድሌት መግለጺ፣ ኩሎም ኣብዚ ናይ ድሌት መግለጺ መመልከቻ መምርሒ ተቐሚጦም ዘለዉ ናይ ብቕዓት መስፈርታትን ከምኡ እውን ኣብቲ ናይ ድሌት መግለጺ መመልከቻ ቅጥዒ ተገሊጾም ዘለዉ መምርሒታትን ከማልእ ኣለዎ። እዚ ድማ ናይቲ ስጉምቲ ብቕዓት ገምጋም ዘጠቓልል እዩ። ዝኾነ ዝተሓተተ ሓበሬታ እንተጎዲሉ ወይ እንተተጋግዩ፣ እቲ መመልከቻ በዚ ምኽንያት እዚ ጥራይ ተመርኲስካ ውድቅ ክግበር ይኽእል እዩ፤ ከምኡ እውን እቲ መመልከቻ ካብኡ ንኽየው ዝግምገም ኣይኸውንን።

### 7.7. ገምጋም ናይ ድሌት መግለጺ

እቲ ናይ ድሌት መግለጺ ነቶም ምምህዳራዊ ፍተሻታት ክሓልፍ ከሎ፣ ኣብ ኣገዳስነትን ቅርፅን እቲ ዝሕሰብ ስጉምቲ ተመርኲሱ ዝግመገም እዩ። እቲ ናይ ድሌት መግለጺ ካብ ሚእቲ ጠቕላላ ውጽኢት ዝወሃቦ ክኸውን ከሎ እዚ ድማ ኣብዚ ታሕቲ ተቐሚጡ ዘሎ ናይ ገምጋም ሰደቓ ብምጥቃም እዩ ዝፍጸም። እቲ ገምጋም ብተወሰኺ እቲ ናይ ድሌት መግለጺ ኣመላኽታ መገዲ መምርሒታት ናይ ምስዓብ ኩነታት ይፍትሽ።

**ሰደቓ 2፦ መዐቀኒታት ገምጋም ናይ ድሌት መግለጺ**

| መግለጺ መስፈርት ገምጋም | ዝለዓለ ውጽኢት |
|---|---|
| እቲ መመልከቻ ምስቶም ናይ መመልከቻ ጻውዒት ቀዳምነታትን ዕላማታትን ዘለዎ ኣግባብነት ክንደይ ዝኣክል እዩ፧ | 10 |
| ጠቕላላ ኩነታትን ዕላማታትን ብንጹር ተገሊጾም እዮም፧ | 10 |
| እቲ ናይ ውጽኢት ማዕቐፍ (Result Framework ) ዝተዋቀረሉ መንገዲ (ምንቅስቓሳት ናብ ውጽኢት ዘምርሑሉን ውጽኢታት ድማ ንጽልዋ/ተጽእኖ ኣበርክቶ ዝገብሩሉን መገዲ)እዩ። | 20 |
| እቲ ዝሕሰብ ስጉምቲ ምስቶም ፍሉያት ድሌታትን ናይቶም ዝተሓረዩ ክልላት/ቦታታት ዕንቅፋታትን ዘለዎ ኣገዳስነት ክንደይ እዩ፧ | 10 |
| ዕላማታት እቲ ፕሮጀክት ብንጹር ተለልዮም እዮም ከምኡ እውን ብንጹር ትርጉም ተዋሂብዎምን ብስትራቴጂካዊ መንገዲ ዝተሓረዩን እዮም፧ እዞም ድሌታት እዚኣቶም (ከም ሰብ መሰል መሰላት ወይ ግቡእ ዝፍጽሙ ኣካላትን ዕንቅፋታቶምን) ብንጹር ተለልዮም እዮም፧ ምስ ዕላማታት ኤውሮጳ ሕብረት ሲኤስኤፍ ዝተሰማምዑ እዮም? | 10 |
| መዳርግቲ ኣካላት እቲ ፕሮጀክት ብንጹር ተለልዮም፣ ትርጉም ተዋሂብዎምን ብስትራቴጂካዊ መንገዲ ዝተሓረዩን እዮም፧ ምስ ዕላማታት ኤውሮጳ ሕብረት ሲኤስኤፍ ዝተሰማምዑ እዮም፧ | 10 |
| ስግኣታት ተዘርዚሮም እዮም ከምኡ እውን ናይ ስግኣት ምሕደራ መገድታት ተቐሚጦም እዮም፧ | 5 |
| እቶም ዝተጠቐሱ ተመክሮታት ምስቶም ዓውድታትን ኣብዚ መምርሒ እዚ ዝተዘርዘሩ ቦታታትን ክሳብ ክንደይ ዝተሰማምዑ እዮም፧ *(እዚ መስፈርት እዚ ኣብ ከባቢ ንዝርከቡን መባእታዊ ብርኪ ዘለዎምን ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ተፈጻሚ ኣይኾውንን)*። | 15 |
| እቲ በጀት ኣብቲ ተቐሚጡ ዘሎ ናይ ላዕለዋይ ደረት (ጣራ) ትሕቲ እዩ፧ ከምኡ እውን | 10 |

| **መግለጺ መስፈርት ገምጋም** | **ዝለዓለ ውጽኢት** |
|---|---|
| ተገዛእነት የረጋግፅ እዩ | |
| **ዝለዓለ ጠቕላላ ውጽኢት** | **100** |

ኩሎም ናይ ድሌት መግለጺታት ምስ ተገምገሙ፣ ምስቶም ዝሕሰቡ ስጉምቲታት ዝርዝር ተዳልዩ ብመሰረት ጠቕላላ ውጽኢት ደረጃ ዝወሃብ ክኸውን እዩ።
ምስቶም ዝተሓረዩ መመልከቲ ኣካላት ጥራይ ርክብ ዝግበር ክኸውን ከሎ፣ እዞም መመልከቲ ኣካላት እዚኣቶም ንናይ መመልከቻ ምድላው ደረጃ ስልጠና ዝዕደሙ ክኾኑ እዮም፤ ከምኡ እውን ኣብ ሓጺር ዝርዝር ምስ ዘለዉ ካልኦት ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ንምውድዳር ምሉእ መመልከቲ ንከቕርቡ ክዕደሙ እዮም።

**መተሓሳሰቢ፡** *ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ኣምሓርኛን ትግርኛን ናይዚ መግለፂ ድሌት EOI መምርሒ ዝኾነ ይኹን ናይ ትርጉም ኣፈላላይ/ዘይምስምማዕ/ እንተጋጥም እቲ ናይ እንግሊዝኛ ትርጉም እዩ ዝውሰድ።*